

# መስቀል ዝርኣየ ድያብሎስ ኣብ ቀጽሪ ቤተ/መቕደስ የውደኽድኽ !

ዓለምና ኣብዚ እዋን እዚ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ፡ ሓቂ ተቐቢሩ ፡ ዓመጽ ዝነግሰሉ ፡ ህጣም ፍትሒ ፡ ሽታ ማይ ኮይኑ ኣመና ርሒቑ ፡ ኣብ ክንድኡ ፡ ጎነጽን ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቖላ መሬት ዝዓይነቱ ፡ ኣብ ክንዲ ዋናታት ፡ መሲላውያን ንከምስሉ ፡ ከይትዓደሙ ምእንታኻ ስለኻ እናበሉ ከምጻድቕ ሌባ ፡ ወራይ በዚሕዎም ካዕቦ ምዕሮ ክርህጹ ፡ ህዝቢ ከህልቑ ፍጡር ከጽንቱ ፡ ሃገር እንዳኣማቶም ከዕንዉ ፡ መበል 21 ክፍለዘመን ነዚ ጸሊም ታሪኽ ፡ ኣብ ብራንአ ከተስፍር ስርሖይ ኢላ ካብ ትተሓሓዞ ኣይወሓደን ፡

ወ/ሮ ሂላሪ ክሊንቶን ፡ በብሓጎታታ ዝተሃንደሰ ፡ ብብዓልቤታ ዝተዘርአ ፡ ብጆርጅ ቡሽ ዘተዓጽደ ዝተረፈ እንተሎ ክትቅርም ፡ መኽስተር ናይ ጥፍኣት ሒዛ መፎዝ ጉዕዞኣ ናብቲ ክምውርሻኦም ዝሓዝእዎ ኣህጉር ኣፍሪቃ ፡ ንስለላን ጅሰሳን ፡ ናይ መግፈፊ ሰክዔታ ውሑስ ባይታ ንኽተደልድል ኣብተን ዝመረጸተን 7 ኣህጉር ኣፍሪቃ ከተራኽስ ሰንቢታ ቀንያን ኣላን ፡

እቲ ኣረጊት ሙዚቃ ንምድጋሙ ከየሰልቸወና እምበር ፡ እቲ ገና ዋና ዘይረኸበ ቃላት ፡ ምትካል ዲሞክራሲ ፡ ምውሓስ ጸጥታ ኣብዓለም ፡ ረድኤት ወዘተ.. ሃበስ ቀደስ ፡ እቲ ድሕሪ ፍጻመ መስከረም ዓሰርተ ሓደ ዝመጸ ፡ ዕርቃኑ ወጺኡ ዝበርዓነ ዝመተ ፡ ንክትበልዖ ዝደለኻ ኣቦጉምባሕ ወላ ትንፈር እምበር ጤል እያ ፡ ዝበሃለሉ ዘሎ እዋን ፡ ግብረ ሽበራ ፡ ኣልቃዒዳ ፡ ቀርሰና ፡ ከም መርመራ ኣብ ሽንግርዋ ዝቐርብ ፡ ናይ ዕጹው ኣስኳላ ወሲዳ ፡ ዝተማህረቶ ነኽተመስክር ኣብ ናይሮቢ ፡ ምስቲ ትማትማል ፡ ብምወላ ኣልቓዒዳ ንግብረሽበራ ትዓጢቕካ ኣለኻ ኢላ ንሞት ዝፈረደቶ ሸኽ ሸሪፍ ፡ ጎኒንጎኒ ኮይና ክትምድር ክትርእያ እንከለኻ ፡ ዝተማህረቶ ኣጽኒዓ ዘይኮነትሲ ፡ ከም ሒማቕ ተምሃራይ ቀዲሓ ንዝተዋህበቶ መርመራ ክትሓልፍ ምፍታን እዩ ፡ እቲ ቀንዲ ነጥቢ ፡ ሲኣይአ ብግስ ከይበሉ ዝፈሽልሉ መኽንያት ክኣ ፡ ቀዳሕቲ ፡ ዝተባህለ ዝደግሙ ፡ ንረብሓን ዓመጽን ብሽርሕን ሓሶትን ዝተኾልኮሉ ኣብድታት ብምኳኖም እዩ ፡

ወ/ሮ ሂላሪ ክሊንተን ካብቲ ቀንዲ ኣጀንድኣ ኣስፊራቶ ዘላ ፡ ባዕላውን ዓው ኢላ ዝተዛረበትሉ ጉዳይ ናይሶማል እዩ ፡ ከምቲ እትብሎ ጉዳይ ናይሶማል ንምፍታሕ ዘይኮነ ፡ እቲ ንሓደ ሃገር ፈንጢሕካ ንህዝብታት ዝርግፍንጥሕ ምእታው ፡ ከም ሓሳብን ተግባርን ጌና ኣብቲ ዝደለይዎ ክበጽሕ ስለዘይክኣለ ሕልምታቶም ንክሰምር ፡ በቲ ሓደወገን ክኸውን እንከሎ ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ክንርድኦ እንከለና ፡ ነቲ ብ AFRICOM. ን ኣፍሪቃ ከም ውቁጥ ሕምባሻ ኣብ ኣርባዕተ መቑልካ ንጸጋታት ኣፍሪቃ ኣንተ ወውእቱ ዘይብሉ ምሉእ ብምሉእ ንምግሓጥ ዝዓለመ ፡ ነዚ ገባቲ ኣጀንዳ ንምትግባሩ ሓጋዚ ዝኸውን ፡ ብ SuperBase ኣብ ጁቡቲ ንክስረት ልዕሊ ሽዱሽተ ቢልዮን ዶላር ፓጀት ተሰሊዕሉ ንክህነጽ ተመዲቡ ዘሎ ወትሃደራዊ መደበር ምምሕዳር ኣሜሪካ ፡ ብዘይ ገለ ዕንቅፋት ክዛዘም ናይ ዝሰነፉ ሰነፋት ኣህጉር ብምድላይን ፡ ተንበርከኽትን ጥልዕ ጉምብስ ብሃልቲ ኣህዛቦም ዝፈንፈኖም መራሕቲ ምንዳይ እንከ ኣማራጺ ስለስኾነ ፡ ወ/ሮ ክሊንተን ውሃ ተባሂላ ፡ ንምትግባሩ ስርሐይ'ላ ተበጊሳትሉ ዘላ ኣነዋሪ ስራሕ እዩ ፡

( ኣቦሃት ከምዝበልዎ ፡ ክንብርኩት ከይንቡርት ኣብ ማይ ዘለዎ ንብጻሕ ክኣ ንብላ ንሕና )

ጉዕዞ ወ/ሮ ክሊንቶን ከይተበገሰት እንከላ ከምዝበርዓነ ተንተንቲ ፖለቲካ ኣውኪኦምላን ጌና ንዓለም ይገልጹ ኣለዉን ፡ እቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብስትራተጂካዊ መነጸር ሓጺያቶ ዘላ ቦታ ፡ መላግቦ ኣውሮጳን ኤሻን ኮይኑ ዝፍለጥ እንከ ቀይሕባሕሪ ስለዝኾነ ፡ ነዚ ንምግባትን ከምድላያ ክትቆጻጸሮ እንተኾይና ፡ ነተን ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ ሃገራት ኣብትሕቲኣ ከተንበርክኽን ኣለዋ ፡ ወይ በቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ወጢናቶ ዘላ ምሕደራ ክምእከላ ኣለወን ፡ እንተዘይኮነ ፡ በዚ ሓዲሽ ኣነዋሪ ኣገባብ ተጥቀመሉ ዘላ ፡ ግብረሽበራ ኢኻ መዋሊ ግብረሽበራ ኢኻ እናበለት ከምዑከት እናተናጠረት ክትናኽስ ፡ ናይ ምምሕዳር ኣሜሪካስ ዝኾነ ምኾነ ፡ እቲ ገዲዱ ዘሎ ፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ጽላል ተባሂሉ

ዝቖመ ፡ እዚ ጓህማም ሕቡራት ሃገራት ፡ ብናይ ምምሕዳር ኣሜሪካ ምሓውርን ኣእምሮን ክንቀሳቐስን ፡ ክሓስብን ፡ ምዕዛብና ካብቲ ዘሕዝን ነገር ቀንዲ እዩ ፡

ንሕና ከምኤርትራውያን ነዚ ኩነት ክንግምግሞ እንክለና ፡ ግጥምና ምስ ምምሕዳር ኣሜሪካ ፡ ንሳልሳይ ወለዶ በጺሑ ኣሎ ፡ ንሞት ምስ ፈረዱና እቲ ፍርቂ ዘመን ሓሊፉስ ፡ ንዝኹዓቱልና ጉድጓድ ቀቢርና ሂወት ሰኺዕና ፡ ክብረትና ወኒንና መንገዲ ምዕባለ ካብ ንጉዓዝ ዳርጋ ክልተ ዓሰርተ ዓመት ኣቑጺርና ኣለና ክንብል ንደፍር ፡ ጉዕዞና ክኣ በቲ ንዓለም ዘደንቕ ሕምባበ ምዕባለ ቀጻሊ እዩ ፡

እንቶ ምትንኻፍ ናይ ወ/ሮ ሂላሪ ክሊንቶን ፡ ከምዘይዕወታሉ ፡ ጌና ኣብቲ ምርጫ ናይ ፕረስደንተነት ዓደን ክንየያ እንክለዋ ሓድነት ኤርትራዊ ከም መወከሲ ይጥቀማሉ ከምዝነበራን ከምዝርዓማሉን ሓቢረን ከምዝነበራ'ኳ እንተፈለጥና ፡ ነዚ ድርዒ'ዚ ነውኒወን ከህምምየ ብሃሊት እንተኾና ፡ ኣብታ ጥቕሲ ናይ ሓርበኛ ኣቦና ሽኽ ኢብራሂም ሱልጣን ኢና ክንምለስ ፡ ንኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ጎሲኻ ዝኾነ ዘይ ቅዱስ ዋዕላን ዳንኬራን ኣብ ከባቢና ዝግበር ምሕሹኽሻ኿ት ፡ ትዓዋቲ ከምዘይኮነን ካብኡ ሓሊፉ ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ተረኺቡ ማለት ዘበት እዩ ፡

መኽንያቱ ሰላም ዝመጽእ ኣብ ሓቂ ተሞርኵስካ ምስ ብዓል ነገር እቲ እጀታይ ዝበለ ባዕሉ ሽግሩ ክፈትሕ ነጻነት ክትህቦ ክትክእል ኣለካ ፡ ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስ ባህሉን ክብሩን እዩ ምንባሩ ከስተማቕር ዝኽእል ፡ ካብ ስግር ባሕሪ ብንፉስ መንጠሊና ዝመጸ ምሳናን ከባቢና ዘይዛመድ ባህሊ ፡ ክንሰግደሉን ክንኣምነሉን ክንገድድ እንተኾይንና ፡ ኣብ ምዕቡል ጊላነት ንኣቱ ኣለና ስለዘስምዕ ኣበደን ንህላዌና እናበልና ድርብ ዝጭማራኡ ሴፍና መዚዝና ኣለና ፤ ከምቲዝተባህለ ፡ ኤርትራዊ ማለት መኸተ ማለት ስለዝኾነ ፡ ምንባርና ብመኸተና ምኻኑ ኣብ ኤርትራዊ ታሪኽ ተወሪቑ ኣሎ ፡ ጉዕዞ ወ/ሮ ሂላሪ ከምቶም ዝሓለፉ ዝፈሸሉን ቅድሜና ዝመቱን ፡ እዚውን ኮሎጌና ፡ እግራ ካብ ዋሽንግቶን ከተልዕል ከይጀመረት እንከላ ፍሽለቱ ዘረጋገጸ መደብ እዩ ፡

ሎሚ ውን ከምትማሊ
ንሕና ትዓወቲ
ንምንባርና ዕረ ዝጠዓሞም ፈሽልቲ ፡

ዓወትና ናይግድን'ዩ !

ዓወት ንሓፋሽ !

ብርዒ ሓቂ ፡